## ናይ ደገፍ መልእኽቲ ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጒባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቍጽሪ 3. ቃል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ



ዝኸበርኩም ጒባኤኛታት፣

6ይ ጒባኤኹም፣ ኣብ ትሕቲ ጽንኩር ሃገራዊ ኵነታትን ቅልጡፍ ፖለቲካዊ ምዕባለታትን ለውጥታትን ዝግሃደሉ ዘሎ መድረኽ ብሓደ ወገን፤ በቲ ካልእ ወገን ከኣ፣ ኣብ ጽባሕ መስዋእቲ ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ተጋ/ ስዩም ዑቕባሚካኤል ይሳለጥ ምህላዉ፣ ረዚን ሓላፍነት ዝተሰከመ ጒባኤ ምዃኑ ነስተብህል። ስለዝኾነ ከኣ፣ ማዕረ'ቲ ፖለቲካዊ ተሃዋስነት ንቕድሚት ንምስጓም፣ በቲ ዘጋጠመ ግዝያዊ ዕንቅፋታት ከይተሰናኸልኩም፣ ብዘርኣኹምዎ ህጹጽን ለባምን ተዓጻጻፍነት፣ ጒባኤኹም ኣብ'ቲ ዝተወሰነሉ ግዜን ዕለትን ከተሰላስሉ ምብቃዕኩም ዝተሰምዓና ሓጐስን ኰርዓትን ደረት የብሉን።

ዝኸበርኩም ጒባኤኛታት፣

ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግዲፍ ብሰንኪ ክኸተሎ ዝጸንሐን ዘሎን ግጉይ ፖሊሲታትን ኣዕናዊ ተግባራትን፣ ሃገርና ኤርትራ ክሳብ ክንደይ ናብ ከቢድ ሓደጋ ወዲቓ ከምዘላን፥ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ናብራን ንኵላትና ርእሰ-ግሉጽ ሓቂ ምዃኑ ዝስሓት ኣይኰነን። ኣብ'ዚ ጒባኤ'ዚ ከኣ፣ ነዚ ሓቂ'ዚ ደጊምና ምግላጹ፣ ግዜኹም ካብ ምቕታል ሓሊፉ ካልእ ፋይዳ የብሉን። ካብ'ዚ መሰረታዊ ድሕረ ባይታ ብምብጋስ ድማ፣ ዕኹኹን ሓያልን ደንበ ተቓውሞ ንምህናጽ፣ ምንጽጻግን ምርሕሓቕን ኣወጊድና፣ ምክብባር ዝዓሰሎ ዕቱብ ዘተታትን ልዝባትን ግብራዊ ሓድነትን ንምርግጋጽ፣ ንጥለበሉ መድረኽ ምዃኑ ዝከሓድ ኣይኰነን።

ስለዝኾነ ከኣ፣ ጒባኤኹም፣ ንህልዊ ሃገራዊ ኵነታትን፥ ኣብ ከባቢና ዝምዕብል ዘሎ ቅልጡፍ ፖለቲካዊ ምዕባለታትን ግቡእ ሚዛን ኣዕሪፉ፣ ብኣገደስቲ ውሳኔታት ተጸንቢሉ ክወጽእ ዘለና እምነት ጽኑዕ ኢዩ። ኣብ መደምደምታ ከኣ፣ ንጒባኤኹም ዝተማልአ ዓወትን ኣሳልጦን እናተመነና፣ ዝምድናና ናብ ዝለዓለ ብርኪ ንምብጻሕ፣ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ገድላዊ ድልውነትና ነረጋግጸልኩም። ከምኡ ውን ጒባኤኹምን ጒባኤታትናም ንምዕዋት ዘይሕለል ፖለቲካውን ንዋታውን ደገፎም ንዘበርከቱ ጐረባብቲ ሃገራት ክብ ዝበለ ምስጋናና ነቕርብ።

ዓወትን ኣሳልጦን ን6ይ ጒባኤኹም
ሰላምን ቅሳነትን ንዉጹዕ ህዝብና!!

ፈጻሚ ኣካል
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

23.07.2008